# ህጹጽ ወይ ቅጽበተዊ ስጉምቲ ብዛዕባ ስሚ ዝምልከት ሓደጋ።



## ብዛዕባ ዝተስተንፈሰ ስሚ

ስሚ ምስ ዘስተንፈስ እንታይ ክገብር አሎኒ?
ንተሰመመ ሰብ ብቕጽበት ኣብ ጽሩይ ኣየር ዘሎዎ ቦታ ውሰዶ። (ንእብነት ደገ)
ዝተሰመመ ሰብ ቀሊ ወይ ዘይጽሩይ ኣየር ክተንፍስ የብሉን። መስኮትን፣ ማዕጾታትን ክፈት።
ዝተሰመመ ሰብ ክስተንፍስ እንተዘይክኣለ ንኽተንፍስ ሓግዞ።



## ብዛዕባ ስሚ ኣብ ቆርበት

ስሚ ኣብ ቆርበት ነብሰይ ምስ ዘለኸ ዕንታይ ክገብር አሎኒ?
ብስሚ ንዝተኣለኸ ወይ ንዝተለኸ ክዳን ኣልግስ ወይ ኣውጽእዮ።
ብስሚ ንዝተኣለኸ ወይ ዝተለኸ ቈርበት ብማይ ን10 ደቓይቕ ሕጸብ። ካብኡ ቀጺልካ ብሳብና ጌይርካ ሕጸብ።



## ብዛዕባ ስሚ ኣብ ዓይኒ

ስሚ ኣብ ዓይኒ ምስ ዝአቱ ዕንታይ ክገብር አሎኒ?
ለብዋ (ወይ ኣዘቶ ዘይውዑሪ) ማይ ካብ ዓቢ ብርጭቆ ክልተ ወይ ሰለስተ ኢንችስ ኣርሒቕካ ንዝተሰመመ ዓይኒ ሕጸቦ። ነዚ ዝተጠቐ ስጉምቲ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ቀጽሎ። ማይ ክታፍስስ እንከሎኻ ዝተሰመመ ዓይኒ ቋሕ ክብለን ስም ክብለን አሎዎ። ብሓይሊ ንተሰመመ አይትምሬፎ።



## ብዛዕባ ዝተዋሕጠ ስሚ

ስሚ ምስ ዝውሕጥ እንታይ ክገብር አሎኒ?
ስሚ ዝውሓጠ ሰብ ንኸሰቲ ዝኽእል ዕንተኾይኑ ብቕጽበት ዓቢ ብርጭቆ ማይ (ክልተ ክሳብ ሸሞንተ አውንስ) ማይ ሃቦ። ደሀሪ'ዚ ስጉምቲ ብዛዕባ ስሚ ዝፈለጥ ብዓል ስልጣን ደዊልካ ከምልስ ከምዘለዎ ወይ ከመልስ ከምዘብሉ ሓተቶ።

ኣብ ገዛ እንታይ ክህሉ አሎኒ?
ኩሉ ጊዜ ኣብ ገዛ ሓደ ኣውንስ ፕርሙስ ናይ ጽሚት ሓፂብ ናይ ኣይፔካክ (ሲሩፕ ኦፍ ኣይፔካክ) ንንፍስ ወከፍ ቈልዓ ወይ ደቂ ደቀኽ ክትሕዝ አሎካ። ነዚ ፈውሲ'ዚ ቅድሚ ምዝውታርካ ብዛዕባ ስሚ ዝፈለጥ ሰብ ወይ ናይ ማዕከል ቤት ጽሕፈት ስሚ ደዊልካ ክትሓትት አሎካ። ብኻልዕ ኣዘራረባ ጉዳይ ንዝምልከተ ኣካል ከይሐተትካ ኣይትዘውትር ወይ ክትጥቀም የብልካን።

## ደሀሪ'ዚ ህጹጽ ስጉምትታት እንታይ ክገብር አሎኒ?

ናብዚ ዝከተለ ቤት ጽሕፈት ደውል። ኣብ ሳን ፍራንሲስኮ ወይ ኣከባቢ ማዕከላይ ናይ ስሚ ቤት ጽሕፈት። **1-800-876-4766**
ቁጺ ወይ ብዘይ ገንዘብ)
ምስ ደወልካ ንእፕሬተር ቋንቋኻ ትግርኛ ምዃኑ ንገሮ። ቋንቋኻ ዝፈለጥ ሰብ ክሳብ ዘዛርበካ ተጸበ።

ናይ ሓደጋ መኪና ወይ ኣምቡላንስ **911**